# ንውሉድካ ካብ ኣር.ኤሰ.ቪ ምክልኻል

## ንወለድን ክወልዱ ዝፅበዩ ወለድን



## ኣር.ኤሰ.ቪ  እንታይ እዩ?

**ሲንሺያል ቫይረሰ መተንፈሲ ኣካላት (ኣር.ኤሰ.ቪ ) ዋና መንቀሊ መትንፈሲ ቱቦን ሳንባን ዘጥቅዑ ሕማማት መተንፈሲ ኣካላት እዩ ብፍላይ ኣብ ዕሸላትን ህፃናትን።**

መብዛሕትኡ ግዘ ኣር.ኤሰ.ቪ  ናይ ሰዓል ምልክታት ዝመሰሉ የሰዕብን ብሮንክዮሊቲሰ ዝተብሃለ ናይ ኣፍልቢ ረኽሲ ዋና መንቀሊን ኣዩ። መብዛሕትኡ ግዘ ህፃናትን ዕሸላትን ማእኸላይ ደረጃ ሕማም የጋጥሞም እሞ ቶሎ ይድሕኑ። ሓደሓደ ህፃናትን ዕሸላት ድማ ናይ ሆሰፒታል ክትትል ከድልዮምን ንሂወቶም መሰግኢ ኣብ ዝኾነ ደረጃ ከብፅሖምን ዝኽእል ከቢድ ረኽሲ ከማዕብሉ ይኽእሉ እዮም።

ኣር.ኤሰ.ቪ  ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብቐሊሉ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ ብሰፊሑ ዝረኣየሉ ድማ ካብ መወዳእታ ቐውዒ ክሳብ መጀመርታ ጽድያ እዩ። ንሰኻን ውላድካን ምስ ብ ኣር.ኤሰ.ቪ  ዝተጠቕዐ ሰብ ወይ ድማ ፀፍሒ ብእትገብርዎ ቀጥታዊ ንክክእ ብኣር.ኤሰ.ቪ  ክትጥቅዑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ጥቓ ብኣር.ኤሰ.ቪ  ዝተጠቐዐ ሰብ ዝሰዕለሉን ዘህንጥሰሉን ከባቢ ብምኺን እውን ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።

## ናይ ኣር.ኤሰ.ቪ  ምልክታት እንታይ እንታይ እዮም?

ናይ ኣሬሰቪ ምልክታት ንናይ ሰዓልን ኢንፍሉዌንዛን ምልክታት ይመሰሉ:-

- ሰዓል
- ዘረብረብ ዝብል ኣፍንጫ
- ረሰኒ
- ምግብን ዝሰተን ምቕናሰ
- ጉልበት ምሰእን ብፍሉይ ምድካም
- ብሓይሊ ንደገ ትንፋሰ ምውፃእ
- ተናዳዲ ምኳን

እንድሕር ደኣ ውላድካ ንምትፋሰ ይሸገር፣ ፃምእ እንተ ሃልይዎ ወይድማ ካልኦት ተዛመድቲ ምልክታት እናደገሱ ይኸዱ ሃልዮም ብቕልጡፍ ናብ ሓኪም ምኻድ የድሊ።

## ንዕሸለይ ካብ ኣር.ኤሰ.ቪ ንምክልኻል እንታይ ክገብር ይኽእል?

ውላድካ ካብ ረኽሲ ኣር.ኤሰ.ቪ  ንምክልኻል ዘኽእሉ ውሑሳትን ውፅኢታውያንን መንገድታት ኣለዉ እዮም። እዚኣቶም ድም ነዞም ዝሰዕቡ የጠቓልሉ

- **ንህፃን ዝወሃብ መከላኸሊ መድሓኒት**
- **ንነብሰ-ፁር ኣደ ዝወሃብ ኽታበት**

ንህፃን ካብ ኣር.ኤሰ.ቪ  ንምክልኻል ካብዞም መንገድታት ሓዲኦም ጥራሕ እኹል እዩ። ብበዓል ሞያ ሓኪም እንተዘይተመኺሩ ክልቲኦም መከላኸልቲ መንገድታት ንህፃን ዝወሃብ መከላኸሊ መድሓኒትን ንነብሰፁር ኣደ ዝወሃብ ክታበትን ምጥቃም ኣየድልን።

**ኣማኻሪ ኮሚቴ ሰርዓተ ምክልኻል ሕማም ሃገረ ካናዳ (ኤን.ኤሲ.ኣይ)) ካብ ንነብሰ ፁር ኣደ ዝወሃብ ክታበት ንህፃን ዝወሃብ ናይ ቅድመ ምክልኻል ፀረ-ባዕዲኣካል መድሓኒት ምጥቃም የበረታትዕ።** እዚ ምኽሪ እዚ እቲ ናይ ቅድመ ምክልኻል ፀረ-ባዕዲኣካል መድሓኒት ክሳብ ክንደይ ብዝግባእ ከም ዝሰርሕ ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ከም ዝከላኸልን ክሳብ ክንደይ ድሕንነት ከም ዘለዎን ኣብ ግምት ብምእታው እዩ።

### ቤይፎርተሰ TM (ኒርሰቪማብ ክበሃል እውን ዝፍለጥ) እቲ ክጥቀሙሉ ዝበረታታዕ መከላኸሊ መድሓኒት እዩ።

ክታበት ኣይኮነን። ቤይፎርተሰ ልክዕ ከምቶም ብኣካላትና ዝምረቱ ደቀቕቲ ተህዋሰያንን ጐዳኢንጥረ-ነገራትን ንምውጋድ ዝሕግዙ ጸረ-ኣካል ብምኳን እዩ ዝሰርሕ።

## ውላደይ ቤይፎርተስ ንክቕበል ብቑዕ ድዩ?

ውላድካ ኣብ ወቕቲ ኣርኤሰቪ () መድሓኒት ቤይፎርተስ ንክቕበል ብቑዕ እዩ እንድሕር፡

- **ቅድሚ ወቕቲ ኤስኣርቪ ኣብ 2024 ዝተወለደ እንተኾይኑ**
- **ኣብ ወቕቲ ኤስኣርቪ ኣብ 2024/25 ዝተወለደ እንተኾይኑ**
- **ኣር.ኤሰ.ቪ. ኣብ ዝህልዉሉ እዋን ክሳዕ ክልተ ዓመት ዝዕድሚኦምን ኣብ ካልኣይ ወቕቲ ኣርኤሰቪ ብኽቢዱ ዝተጠቕ እንተኾይኑን**

*እዚ ቅድሚ ግዜኦም ሕዱር ሕማም ሳንባ ዘለዎም፣ ካብ ዝውለዱ ሕማም ልቢ ሰርዓት፣ ሕማም ዳውን ሲንድሮም፣ ሲስቲክ ፋይብሮሲስ፣ ሕማም ኒውሮሙስኩላር ከምኡውን ካብ ዝውለድ ጀሚሮም ኣብ መንገዲ ኣየር ዘይንቡር ነገራት ዘለዎምን ካልኦትን ዘጠቓልል እዩ።

ወቕቲ ኣር.ኤሰ.ቪ. መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ሕዳር ክሳብ ሚያዝያ እዩ፣ ኮይኑ ግና ኣብ ዓዓመት ይቕየር እዩ ፣ ኣብቲ ኣብ ኦንታርዮ እትነብረሉ ቦታ ድማ ክምርኮስ ይኽእል እዩ ።

## ቤይፎርተስ ድሕንነቱ ዘተኣማምን ድዩ ?

**ቤይፎርተስ ንህፃናት ኰነ ንቖልዑ ድሕንነቱ** ዝተረጋገፀ ምዃኑ ብክሊኒካዊ ፈተናታት ተራእዩ ኢዩ። ቤይፎርተስ ንኸም ኣብ ህፃናት ብሮንክዮላይትስ ዝኣመሰለ ምስ ኣር. ኤስ. ቪ. ዝተዛመዱ ሕማማት ረኽሲ ከምዝከላኸል ተረጋጊፁ እዩ።

ቤይፎርተስ ምስ ተቐበለ ዘምጽኦ ጎናዊ ሳዕቤን መብዛሕትኡ ግዜ ፈኲስን ንሒደት መዓልትታት ጥራይ ዝፀንሕን እዩ። ገለ ካብቶም ልሙዳትጎናዊ ሳዕቤናት ኣብቲ መርፍእ ዚውግኣሉ ቦታ ምሕባጥ፣ ቃንዛ፣ ታህዋኽ ከምኡውን/ወይ ረስኒ እዮም።

ቤይፎርተስ ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ወይ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ብዘይ ገለ ጉድኣት ምስ ንህፃናት ዝወሃቡ ካልኦት ወትሮኣዊ ክታበታት  ክወሃብ ይኽእል ኢዩ ።

ንቤይፎርተስ ምውሳድ ንቖልዓ ንኣር. ኤስ. ቪ ኣየቃልዖን። ሳሕቲ ዜጋጥም ዋላኳ እንተ ኰነ ሓደ ቖልዓ ንቤይፎርተስ እኳ እንተ እንተወሰደ ብ ሕማም ኣር. ኤስ. ቪ. ብኽቢዱ ክጥቃዕ ይኽእል እዩ።

### ቤይፎርተስ ንውላደይ ብኸመይ ይወሃብ ?

ቤይፎርተስ ንውሉድካ ከም ሓደ እዋን (መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ጭዋዳ ሰለፍ) ዚውግኣሉ ብሰብ ክንክን ጥዕና ዝወሃብ እዩ። እዚ ሕክምና ካብ ዝተውሃበሉ ቅፅበት ጀሚሩ ካብ ሕማም ኤስ.ኣርቪ ይከላኸል፡ ብዝበለፀ ካብ ዝተውሃበሉ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ዘሎ ኣፀቢቑ ይሰርሕ።

### ውሉደይ ንቤይፎርተስ መዓስ ክወስዶ ይኽእል?

ውሉድካ ኣብ ወቕቲ ኣር. ኤስ. ቪ. እንተ ተወሊዱ ቤይፎርተስ ድሕሪ ምውላዱ ነዊሕ ከይጸንሐ ኣብቲ ውሉድካ ብቐሊሉ ኺጥቃዕ ዚኽእል ናይ መጀመርታ ኣዋርሕ ንክወሃቦ ይምከር። እቲ ህፃን ብ2024 ቅድሚ ወቕቲ ኣር. ኤስ. ቪ. እንተ ተወሊዱ ወይ ከኣ ብሰንኪ ረኽሲ ኣር. ኤስ. ቪ. ከቢድ ሕማም ተቓላዒ እንተኾይኑን ካልኣይ ወቕቲ ኤስኣርቪ እንተኾይኑን፣ ወቕቲ ኤስኣርቪ ቅድሚ ምጅማሩ ቤይፎርተስ ክወሃቦ ይምከር።

### ውላደይ ንቤይፎርተስ ካበይ እዩ ክወስዶ ዝኽእል

ቤይፎርተስ ውሉድካ ምስ ተወልደ ናብ ገዛ ቅድሚ ምውፅኡ ኣብ ሆስፒታል ክወሃብ ኢዩ ዝምከር ። ቤይፎርተስ በቲ ቐንዲ ኣላዪ ክንክንካ ወይ በቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ህዝባዊ ጥዕና ኬላ ኣቢሉ እውን ንውሉድካ ኪውሃቦ ይኽእል እዩ ። ቤይፎርተስ ነቶም ብቑዓት ዝኾኑ ንኣሽቱ ቖልዑ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሓኪም ሕጻናትወይ ኣብ ቀንዲ ኣላዪ ኽንክን ሕጻናትካን ኣብ ክሊኒካታት ሆስፒታልን ክወሃቦም ይኽእል እዩ ።

## ኣብሪስቮ ቲኤም (Abrysvo™) (RSVpreF ክበሃል እውን ዝፍለጥ) ን ነብሰፁር ኣዶ ዝወሃብ ኣብ ዕሸላት ሕማም ረኽሲ ኣርኤሰቪ ዝከላኸል ክታበት እዩ።

- እቲ ህፃን ዝውለደሉ መዓልቲ ኣብ ወቕቲ ኣር ኤስ ቪ ወይድማ ኣብ መጀመሪ ወቕቲ ኣር ኤስ ቪ እንተኾይኑ **ካብ 32 ክሳብ 36 ናይ** ጥንሲ ሰሙናት ኣብ ዘሎ እዋን ይወሃብ።
- ኣብሪሰቮ (Abrysvo) ናይታ ነፍሰ-ፁር ሕማም ናይ ምክልኻል ሰርዓት ኣብ እዋን ጥንሲ ናብቲ ዕሸል ክሓልፉ ዝኽእሉ ፀረ-ባዕዲኣካላት ክፈጥር ይሕግዞ። እዞም ፀረ-ባዕዲ ኣካላት ነቲ ዕሸል ክሳብ 6 ወርሕ**ታት ዕድመ ካብ ረኽሲ ኣር ኤስ ቪ ይከላኸሉ።**

> ! እዚ ክትባት እዚ ክወስዱ ይሓስቡ እንተሀልዩምዝበለጸ ሓበሬታ ንብረካብ ናይ ግሎም ወሃቢ ግልጋሎት ጥዐና ወይ ድማ አብ ቀረብአም ናይ ዝርከብ ናይ ጥዐና ጣብያ ሞያ የዘራርቡ።

## ንውሉደይን ንስድራ ቤተይን ካብ ኣር. ኤስ. ቪ.ዝከላኸለሎም ተወሰኽቲ መንገድታት እንታይ እዮም?

- እንትሓሙ ካብ ገዛ ዘይምውፃእን ናብ ዝሓመሙ ሰባት ዘምቕራብን
- ኢድ ብተደጋጋሚ ምሕፃብ
- በብግዚኡ ፀፍሒታት ምፅራግን ዲስኢንፌክት ምግባርን
- ናብ ኩርናዕ ኢድ ምህንጣስን ምሰዓልን
- ንዕሽልካ ጡብ ኣደ ምሃብ (ኣብ ናይ እዶ ፀባ ፀረ-ባዕዲ ኣካላት ኣለዉ እዮም
- ኣብ ጥቓ ውላድካ ዘይምትካኽ